# ፌስቲቫል ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ብዓወት ተዛዚሙ።



መልበርን 11 ጥሪ 2011

ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ብውዕዉዕ መንፈስ ዝጀመረ መበል 11 ዓመት ፌስቲቫል ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ብሰንበት ምሸት ብዓወት ከምዝተዛዘመ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ሓቢሩ።

እዚ ካብ መላእ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ከተማታት ፐርዝ፡ ኣደላይድ፡ ብሪዝቤን፡ ሆባርት፡ ሲድኒ፡ ዳርዊን፡ ካንቤራ፡ ኦክላንድን ዌሊንግቶንን ተኣኻኺቦም ኣብ ከተማ መልበርን ንመበል 11 ዓመት ዘብዓልዎ ንግደት ኣዝዩ ድሙቕን ውዕዉዕን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተኻየደ ሽርሕታት ንምምካት ህዝቢ ከርእዮ ዝጸንሐ ምርብራብ ብሓያል መንፈስ ከምዝተኻየደ ተሓቢሩ።

"መኸተና ቀጻሊ'ዩ" ዝብል ቴማ ዝነበሮ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ንህጻናት መንእሰያን ዓበይትን ዘሳትፍ ባህላውን ስፖርታውን መደባት ዘካተተ ኮይኑ፡ ብዘይካ'ዚ ከም'ቲ ልሙድ ድሙቕ ናይ ኤግዚብሽን፡ መዓልቲ ስድራቤት (Family Day) ከምኡ'ውን፡ እቲ ህዝቢ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ብላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ዝውሃብ ሰሚናር ዘጠቓለለ ምንባሩ ተገሊጹ።

ሓሙስ 6 ጥሪ ድሕሪ ቐትሪ ብናይ መንእሰያት ናይ መርከብ ምዝንጋዕ ዝጀመረ መደባት ናይ'ቲ ፌስቲቫል፡ ዓርቢ ድሕሪ ቐትሪ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራላያን ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስ ኑር ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዕዱማት ኣጋይሽን ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያን ካብ መላእ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ዝተኣከቡ ኤርትራውያን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣቦ መንበር ፌስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድ ኣቶ ኣብርሃም ሓድጉ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራብ፡ ንዕዱማት ኣጋይሽ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ ነቲ ፌስቲቫል ካብ መጀመርትኡ ክሳብ ዝዛዘም ህዝባውያን ማሕበራትን ውልቀሰባትን ትካላትን ልዕሊ ኹሉ ድማ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ከምወትሩ ንዘርኣይዎ ዘይጽንቀቕ ሓገዛትን ምድግጋፍን ልዑል ምስጋና ኣቕሪቡ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስ ኑር ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ሳላቲ ዘርኣዮ ዘይጽዓድ ምጽማም ሎሚ ኣብ ድርኩኾት ናይ'ቲ ክንበጽሖ ንደሊ መድረኽ ከምእንርከብ ገሊጹ። ኣቶ በሽር ብምቕጻል፡ ከም ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለምና ዘሎ ኤርትራዊ፡ ቅድሚ ሓደ ዓመት ንኤርትራ፡ መርትዖ ዘይብሉ ጠቕንታት ብምውህሃድ መንግስቲ ኣሜሪካ ድሕሪ ምቕራብ ካብ ዓለም ንኽንጸል ፈሪዶምና ጥራይ ዘይኮኑ ከም ናይ መውዳእታና ፍርዲ ተቐጺሩ ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ጽንዓት ዝሕላገቱ ህዝቢ ኤርትራ ግን ሎሚ'ውን ከምትማሊ ብሓደ ኮይኑ መኪቱ ንኹሉ ተንኮላት ከምዘበርዓኖ ገሊጹ። ብፍላይ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት 22 ዝተራእየ መዳርግቲ ዘይርከቦ ሓያል ሰለማዊ ሰልፊ ኣንጻር ብይን ውድብ ሕቡራት ሃገራት (1907)



ከምኡ’ውን ክሳብ ሕጂ ብዘተፈላለየ ናይ ቴክኖሎጂ መረኸቢታት ህዝቢ ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሚስተር ባን ኪ-ሙንን ናብ ፕረሲደንት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ባራክ ኦባማን ክልኣኸ ዝጸንሐን ዝልኣኸ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ደብዳቤታት መርኣያ ድልዱል ሓድነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብቲ ምሸት’ቲ፡ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፡ ነቲ ብዝተፈላለየ ደረቕ ስእልታት፡  ቅብኣን ኢደ-ስርሓትን ዝተዳለወ ብሉጽ ኤግዚብሽን መሪቑ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ብህቡባት ስነጥበበኛታት ዝተሰነየ ባህላዊ ምሸት ህዝቢ ክሳብ ወጋሕታ ተዘናጊዑ።

ንጽባሒቱ ቀዳም ካብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኣትሒዙ ግጥማት ኩዑሶ እግሪ ክካየድ እንከሎ፡ ብድሕሪኡ ኣጋምሸት፡ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፡ ንህዝቢ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ኣካይዱ። ኣምባሳደር ግርማይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመንጽር ኣብ ታሪኽና ከጋጥሞ ዝጸንሐን ዘሎን ተጻብኦታት ናይ ሓያላት ሃገራት ዘርኣዮን ዘርእዮ ዘሎን መኸተ መዳርግቲ ዘይርከቦ ምዃኑ ገሊጹ። ኣምባሳደር ግርማይ ብተወሳኺ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ከካይድዎ ዝጸንሑ ማሕለኻታትን ናይ ጸለመ ዘመተታትን ብዑምቀት ድሕሪ ምግላጽ፡ መንግስቲ ኤርትራ ግን ንኹሉ ተጻብኦታት ብሜላ ብትዕግስትን ይሕዞ ከምዘሎ ገሊጹ።



ብዘይካ’ዚ ኣምባሳደር ግርማይ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘካይዶ ዘሎ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ዓበይቲ መደባት ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዘሎ ጸላዊ መድረኻት ኣመልኪቱ’ውን መብርሂ ሂቡ። ኣብ መጨረሻ ድማ ኣምባሳደር ግርማይ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ንዘርኣይዎ ናይ መኸተ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣገናዕ ድሕሪ ምባል፡ ሎሚ’ውን ከምትማሊ ኤርትራ ማዕረተን ምዕቡላት ሃገራት ክሳብ

እትስራዕ ብዘይ ምዝናይ ክንሰርሕ ይግባእ ክብል ኣብሪሁ።

ብድሕሪ'ዚ፡ መድረኽ ህዝቢ ንዘለዎ ሕቶታትን ርእይቶታትን ከቕርብ ንንውሕ ዝበለ ሰዓታት ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣምባሳደር ግርማይ፡ ኣዝዩ ሰፊሕን ዘዕግብን መልስታትን መብርሂታትን ብምሃብ እቲ ሰሚናር ተዛዚሙ። ህዝቢ በቲ ዝተዋህበ ሰሚናር ኣዝዩ ዕጉብ ምንባሩ ብድሙቕ ጣቕዒት ገሊጹ።

ብድሕር'ዚ፡ ህዝቢ ምስ ጉጅለ ባህሊ ንኻልኣይ ምሸት ክሳብ ሰንበት ወጋሕታ ክዘናጋዕ ሓዲሩ። ንጽባሒቱ፡ ሰንበት 9 ጥሪ 2011 ካብ ንግሆ ሰዓት 10፡00 ዝጀመረ ዝተፈላለየ መደባት ህዝቢ ብፍሱህ መንፈስ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ኣዳራሽ ኣብ ዝርከብ ሜዳታት ስፖርት ኣብ ዝተተኽሉ ቴንዳታት ብምኳን፡ ዓበይቲ ንኣሽቱን ናይ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ውድድራት ኩዕሶ መርበብ (Volley ball)፡ ጉያ፡ ጉታ-ገመድን፡ ካልኦት ዝተፈላልለዩ ስፖርታዊ ውድድራት ክካየዱ ድሕሪ ምውዓሎም፡ ዕዉታት ካብ ኢድ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም ሽልማት ድሕሪ ምዕዳሎም እቲ ፌስቲቫል ብዓወት ከምእተዛዘመ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

